# ፈስቲቫል መንእሰያት ኤርትራ ጀርመን ብዓወት ተዛዚሙ

ፈስቲቫል መንእሰያት ኤርትራ ጀርመን "*ነጻ መስመርና ዋሕስ ልምዓትና!" ሸባብ"* ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ካብ ዕለት 11 ክሳብ 12 መስከረም 2009 ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ብዓወት ተዛዚሙ። ኣብዚ ፈስቲቫል*'ዚ* ካብ *ኩለን ከተማታት ጀርመንን* ኤውሮጳን ዝመጹ ልዕሊ 1500 መንእሰያት ተሳቲፎም ።

*መደብ* ፈስቲቫል መንእሰያት ኤርትራ ጀርመን፣ ንመንእሰያት *ኣብ ዘገድሱ ኣርእስትታት ዘተኮረ፣* ሰሚናራት፣ *ድራማ፣ ስፖርታዊ መደብ፣ ፋሽን ሾው፣ ኮምኡ'ውን* ባህላውን *ዘመናውን ሙዚቃን* ናይ ምዝንጋዕን መደባት ዘጠቓለለ ኢዩ ነይሩ።

ኣብ ናይ ዕለት 11 መስከረም መደብ፡ መንእሰያት ብባህላውን ዘመናውን ደርፍታት ተሰንዮም ክስዕስዑን ክዛናግዑን ድሕሪ ምሕዳር፡ *ንጽባሒቱ* ቀዳም ዕለት 12 መስከረም ብኽቡር ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ ብወግዒ ተኸፊቱ። ኣጋይሽ *ጠቶኦም* ምስ ሓዙ ኣላይት *መድረኽ ኣስቴር ደባስ መድረኽ ተተሓሓዘቶ። ናይ እንቋዕብደሓን መጻእኩም* ቃል ኣሳናዳኢት ኮሚቴ ብኣቶ ፍጹም ሳህለ *ቀሪቡ፡ ቀጺሉ* ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ንተሳተፍቲ ፈስቲቫል ተራ መንእሰያት ቅድምን ሕጅን ድሕሪ *ምግላጽ፣ መደባት መንእሰያት ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ፈስቲቫል መንእሰያት* ዕዉት *ንኽኸውን ምንዮቱ ገሊጹ።*

ስዒቡ ናይ ደገፍ መልእኽትታት ብ፥

*ኣቦ መንበር ህግደፍ ጉጅለ ሽቱትጋርት*
ኣደ መንበር ሃማደኤ ጨንፈር *ሽቱትጋርት*
ኣቦ መንበር ማሕበረ ኮም ሽቱትጋርት
*ኣቦ* ማሕበር ስንኩላን *ሽቱትጋርት*

ቀጺሉ ዝነበረ መደብ ድማ ናይ ሰሚናርን ኣስተምህሮን መደባት ኢዩ ነይሩ።

- *ብኣቶ የውሃንስ ኢያሱ ኪኢላ ስነ-ቁጠባ፡ ቁጠባ ኤርትራ ካበይ ናበይ ብዝብል ኣርእስቲ፡* ሰፊሕ ሰሚናር ሂቡ።

- ጉጅለ መንእሰያት ዊንታ ኤራ፣ ብዛዕባ ማይን ጸዓትን ኣብ ኤርትራ፣ ብዝብል ኣርእስቲ፣ ምስ ሒዞሞ ዘለዉ ፕሮጀክት ኣሰንዮም ንተሳተፍቲ መሳጢ ኣስተምህሮ ሂቦም።

- መንእሰይ ቢንያም ዑቕበ፣ ንኣቢጋግሳን ዕላማን Heart Help ብሰፊሑ ድሕሪ ምግላጽ፣ ኣብ ኤርትራ ዝገበርዎ መጥባሕቲ ልብን፡ ኣብ ቀጻሊ ናይ ልቢ ማእከል መጥባሕቲ ንምምስራት ዘለዎም ጥሙሑን ድሕሪ ምዝርዛር፣ መንእሰያት በቢ ሞዮኦም ተበግሶ ክወስዱ ጸዊዑ።

ብተወሳኺ

- ብጉጅለ መንእሰያት ሰንሰለት ሽቱትጋርት ዝቐረበ መደብ ኮይኑ፣ምርኢት ኣልባሳት ብሄራትን ሳዕስዒትን ነይሩ፡ እዚ መደብ'ዚ በቶም ኣብ ስደት ተወሊዶም ዝዓብዩ ዘለዉ መንእሰያት ዝቐረበ ምንባሩ፣ንመንእሰያት ዝመሰጠን ቁዱስ ቅንኢ ዘሕደረን ምርትኢት ኢዩ ነይሩ።
- እቲ ብጉጅለ መንእሰያት ኤሽተርዲንገን ዝቐረበ ነቐፈታዊ ተዋሰ'ውን ኣብ ውሽጢ ስድራቤታት ንዝረኤ ሓቅታት ዝገልጽ ብምንባሩ መሃርን ኣዘናጋዕን መልእኽቲ ኣማሓላሊፉ ኢዩ።
- ኣብ ሜዳ ስፖርት ብዝተኻየደ መሳጢ ውድድር፣ ቀዳመይቲ ኤስሊንገን ካልኣይቲ ከለን ሳልሰይቲ ድራይኣይሽ ብምኻን ውድድረን ዛዚመን።
- ዝቀጸለ መደብ ሃገራውን ዘመናውን ትልሂት ኮይኑ፣ ብኤሪ-ባንድ ተሰንዮም ወናማት ርምደት፣ ወዲ ትካቦ፣ ሓሰበላ፣ ተኽሊያ፣ ዜማዊ፣ ሰላም፣ ቅልጽም፣ CB: DJ ኣማን ክሳብ ወጋሕታ እስክትዝም ክብሉ ሓዲሮም።

ፈስቲቫል መንእሰያት ንኹሎም ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ሓንቲ ቅርዓት ኣኪቡ ብፍቕርን ሃገራዊ ስምዒትን ንሓድሕዶም ጉጅም ክብሉ ክገብር ብምብቕዑ ዕዉት ፈስቲቫል የብሎ። ዮሃና ንኣሰናዳኢቱ።

ዓወት ንሓፋሽ

ኣሰናዳኢት ሽማግለ